BBC LEARNING ENGLISH

# Essential English Conversation

## ምስ ሓደስቲ ሰባት ምርኻብ:
## ካበይ ኢኹም መጺእኩም?

*This is not a word-for-word transcript.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሰላም፣ እንቋዕ ናብ መደብ Essential English Conversation, ብድሓን መጻእኩም። እዚ መደብ’ዚ ተምሃሮ ቋንቋ እንግሊዝኛ ክሓልፈኩም ዘይግባእ ኣዝዩ ኣገድሲ ትምህርቲ ሒዙልኩም ቀሪቡ’ሎ። ኣብዚ ክፍለ-ትምህርቲ’ዚ ካበይ ከም ዝመጻእኩም ንኽትሕብሩ ዚሕግዙ ምሉኣት ሓሳባት ክትምሃሩ ኢኹም።

ክልተ ሰባት ካበይ ከም ዝመጹ ንሓድሕዶም ክተሓተቱ ከለዉ ንስማዕ።

**Lauren**
*Hi David, where are you from?*

**David**
*I’m from London. How about you?*

**Lauren**
*I’m from Manchester.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ንጀማሪ ክብድ ይብል ይኸውን፣ ግናኸ ኣይትሻቐሉ። እዚ ምይይጥ ከፋፊልና ብምቕራብ ንኽትለማመዱ ክንሕግዘኩም ኢና።
እታ ቀዳመይቲ ሰብ ‘ካበይ ኢኹም መጺእኩም?’ ኢላ ሓቲታ። ‘Where are you from?’
ቅድም ኣዳምጹ፡ ድሓር ነቲ ሓረግ ድገሙ።

*Where are you from?*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
እቲ ካልኣይ ተዛራቢ ‘ኣነ ካብ ለንደን እየ’ ኢሉ መሊሱ። ‘I’m from London.’
ከምዚ ዚስዕብ በሉ ‘I’m from…’ ኣስዒብኩም ከኣ ካበይ ከም ዝመጻእኩም ወስኹሉ። እዚ ኣዘራርባ’ዚ ንሃገራት፡ ንዞባታት፡ ንዓበይቲ ኾኑ ንኣሸቱ ኸተማታት ክንጥቀመሉ ንኽእል።
ፈለማ ኣዳምጹ፡ ድሕሪኡ ነቲ ሓረግ ድገሙ።

*I’m from London.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ኣስዒቡ ነታ ቀዳመይቲ ተዛራቢት ተመሳሳሊ ሕቶ’ዩ ሓቲትዋ። ተመሳሳሊ መልሲ ንምርካብ ዝሕተት ሕቶ ከምዚ ይመስል - ‘ንስኺ’ኸ ካበይ መጺእኪ?’ ‘How about you?’ ብተመሳሳሊ ከምዚ ዚመስል ሕቶ ክሕተት ይከኣል፡ ‘And you?’


© British Broadcasting Corporation 2018

ቅድም ኣዳምጹ፡ ድሓሪኡ ነቲ ሓረግ ድገሙ።

*How about you?*

*And you?*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
እታ ቀዳመይቲ ተዛራቢት ካብ ከተማ ማንቸስተር ዝመጸት ስለ ዝኾነት ‘ኣነ ካብ ማንቸስተር እየ’ ኢላ መሊሳ። ‘I’m from Manchester.’
ቅድም ኣዳምጹ፡ ድሓር ነቲ ሓረግ ድገሙ።

*I’m from Manchester.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ግርም! ሕጂ ነቲ ካልኦት ሰባት ካበይ ከም ዝመጹ ዝተሓታትትዎ ምስ ሰማዕኩም ዘበልኩምዎ፡ ንርአ።

*Hi Mark, where are you from?*

*I’m from Liverpool. How about you?*

*I’m from Birmingham.*

*Hi Claire, where are you from?*

*I’m from London. And you?*

*I’m from Brighton.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሕራይ’ምበኣር፡ እስከ ደጊምና ንፈትን። ነቶም ናይ እንግሊዝኛ ምሉኣት-ሓሳባት ድሕሪ ምስማዕ ድገሙዎም።

*Hi David, where are you from?*

*I’m from London.*

*How about you?*

*I’m from Manchester.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ግርም! ሕጂ ነቲ ዝተምሃርክምዎ እንግሊዝኛ ክሳብ ክንደይ ክትዝክርዎ ከም እትኽእሉ ንርአ። ነቶም ናይ ትግርኛ ምሉኣት-ሓሳባት ድሕሪ ምስማዕ ናብ እንግሊዘኛ ተርጉምዎም።

ሰላም ደቪድ፡ ካበይ ኢኻ መጺእካ?
*Hi David, where are you from?*


© British Broadcasting Corporation 2018

ኣነ ካብ ለንደን እየ።
*I'm from London.*

ንስኺ'ኸ?
*How about you?*

ኣነ ካብ ማንቸስተር እየ።
*I'm from Manchester.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ግርም። ሕጂ ንብምሉኦም ምሉኣት-ሓሳባት ደጊምኩም ኣዳምጹ።

***Lauren***
*Hi David, where are you from?*

***David***
*I'm from London. How about you?*

***Lauren***
*I'm from Manchester.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ንፉዓት! ሕጂ ካበይ ከም ዝመጻእኩም ክትነግሩን ንካልኦት ሰባት ካበይ ከም ዝመጹ ክትሓቱን ኪኢልኩም ኣለኹም። ዝተመሃርኩምዎ ደጋጊምኩም ምልምማድ ግን ኣይትረስዑ። መሓዛ ብምንዳይ ብእንግሊዘኛ ካበይ ከም ዝመጻእኩም ሓብሩዎም፣ ካበይ ከም ዝመጹ ኸኣ ሕተትዎም።

ኣብቲ ዝቕጽል መደብ Essential English Conversation ምሳና ክትህልዉ ተስፋ ንገብር። Bye for now!


© British Broadcasting Corporation 2018